# እንቋዕ ኣብዚ ብሓባር ኣብቃዕና !!!

ናጽነት ተዋሒሳ ሓፋሽ ተሞጊሳ
ነዚ ንምብቃዕ ክንደይ ጉልበት ተደርሚሳ
ንቕቡጽ ተስፋ ሂወት ሰሪዓ ርስቲ'ያ ኣውሒሳ ፡

መንዚዕናያ'ወ ካብ ምንጋጋ ኣናብስ
ሕጂ'ውን ወይልኡ ንኣድባዋትና ዝጥሕስ
ውቅያኖስ ሓምቢስና ኢና ርስትና እንመልስ
ስለ ናጽነት እትሓልፍ ሂወት ኣይንብለላን'ና ጥዕስ ፡

ኣየ ናጽነት ! ንዓኺ ክንጽበ ጉልበትና ረዚዙ
ንዓኺ ከነማዕዱ ኣዕንትና ፈዚዙ ኣሕወዝዊዙ
ግንከ ጸኒዕና መኪትና ዋላ ህዋሳት ይርዘዙ ይፍዘዙ
እቶም ዝሳግሙ ንካልኢት ይጽመሙ ኣይግዓዙ ፡

በዓል ናጽነት መበል 17 ፡ ግዋዳ 16 ናጽነታት <u>ላንቅላንቒ</u> ( ውልዶ ሓረግ )
ኣማእከልትና ኣብ ምሕደራ ይምርሽ ኣለዉ ብርኡይ ጣቓ
ነዚ ርኡይ ምዕባለ ዘይርእያን ዘየዕዝዛን ዘንሸራተታ ዝሓባሉቓ
ነዚ ዘይምልከት ገመድ ትሕነቖ ኣብ ሰንቀ መሸንቆቓ ፡

ተመስገን ደርማስ ናጽነት ተመጉስና
ከይ ኣጎመት ዕምበባ ዓምቢባ ርኢና
ከም ዓይኒ ሰክዔት ተወሃሂዳ ሕውነትና
ዮሃና ዮሃና ሓፋሽ እንቋዕ ኣብዚ ኣብጽሓና ፡

ኣመስኪሩ ይክኣሎ ዘይስልኪ ምኩር ቃልሲ
ብኣግኡ ዘንጽህ ሕንክርካር ንተቐባሊ ወራሲ
እዝጊ ዝሃቦ ምስኡ ዝመክር ኣብ ምሕደራ ዘሳሲ
ዘይሕለሎ ናጽነት ምስ ሓርነት ቅሳነት ኣሞንሲ ፡

ብኒሕን ሓቦን ሰቢቱ ኣብ መትከል ብዓንተቦ
ንመትከሉ እግሮ ዋርሳይ ወሸልላ ቅያስኡ ክኸተሎ
ሓርነት ኣብ ሓፋሽ ክትሰፍን ንስዓቦ ንከተሎ ፡

ዮሃና ዮሃና መበል 17 በዓል ናጽነት እንቋዕ ኣብጽሓና
ዮሃና ዮሃና ንኣኺ ንኣኻ ንእኡ ንእኣ ብሓበር ንኹልና ፡

ዘልኣለማዊ ክብርን መጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ !
ካብ እምባ ሙኻን መቓልሕ ከተማ ማንሃይም !